# ንዝክሪ ተጋደልቲ
## ተኽለብርሃን ገብረጻድቕ (ወዲ ባሻይን) ወልደማርያም ባህልቢን

ከምዚ ሎሚ መዓልቲ፣ ብሚያዝያ 26, 1992 ከተማ ከሰላ ናይ ምዑታት ተቓለስቲ ኣባላት መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ተጋደልቲ ወልደማርያም ባህልቢን፣ ተኽለብርሃን ገብረጻድቕ (ወዲ ባሻይን) መጭወይቲ ረኣየት።

ተጋዳላይ ተኽለብርሃን ከም ናይ ጸጥታዊ ጉዳያት ሓላፊ ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ፣ ተጋዳላይ ወልደማርያም ድማ ከም ናይ ወተሃደራዊ ጉዳያት ሓላፊ ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ኮይኖም ብተፋይነት ከገልግሉ እንከለዉ፣ ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ ሓርነታት ዝዓሰሎ፣ ሰላም ዝነግሶ ፖሊቲካዊ ሃዋህው ንኽፈጥሩን፣ ኤርትራ ከም ዘመናዊት ደሞክራስያዊት ሃገር ንኽትቀውምን ንኽትስስን እዩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ድማ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ከይሰልከዩ ንገዛእ ርእሶም ብምውፋይ፣ ንብጾቶምን ንህዝቦምን ናይ ጽንዓት ኣብነት ዝኾኑ ተቓለስቲ እዮም።

ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያዊ ጎበጣ ነጻ ምስ ወጸት ከኣ፣ ብሓደ ሸነኽ ኣብ ኤርትራ ናይ ስልጣን ባዶነት ንኽይፍጠር፣ ነቲ ሽዑ ናብ ኣስመራ ዝኣተወ ሓይሊ ከም ግዜያዊ ናይ ምምሕዳር ሓይሊ ከም ዝፈልጥዎ ከረጋግጹ እንከለዉ፣ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ኤርትራ ናብ መስርሕ ደሞክራስያዊ ምስግጋር ንምእታው፣ ዝጸንሐ ታሪኽ ናይ ሓድሕድ ኩናት ንምውጋድ፣ ኣውራ ድማ ሃገርና ኣብ ሑቕፊ ዲክታቶርያ ንኸይትወድቕ ንምክልኻል ስትራተጅያዊ ርእይቶ ዝነበሮምን፣ ኣብ ምቕራጽ ቅዋማት ተ.ሓ. ኤ ሰ.ባ. መሰረታዊ እጃሞም ዘልዓሉን፣ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ኤርትራ መሰረታዊ ቦታ ዝሕዙን ተቓለስቲ እዮም። ኩሉ'ቲ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ዝልለየሉ ደሞክራስያዊ መርገጻት፣ ዝሰርሑሉን ንእምነታቶም ሓቀኛ ዝጐዓዝን ስለ ዝኾነ፣ ጌና ቃልስታቶም ህያው እዩ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንኣካሎም እምበር ንርእይቶታቶም ፈጺሙ ክምቁሕ ኣይክእልን እዩ፣ ንብረት ህዝቢ ኮይኑ ናብ መላእ ሃገር ተዘርጊሑ እዩ።

ብጾት ወልደማርያምን ወዲ ባሻይን፣ ስርዓት ኢሳያስ በቲ ዝጐዓዞ ዝነበረ መንግዲ ከይዱ ከይዱ ናይ ወልቀ መላኺ ስርዓት ክተክል ከም ዝኽእል፣ እዚ ድማ ንኢርትራ ኣዝዩ ሓደገኛ ምዕባሌ ምዃኑ፣ ካብቶም ኣቐዲሞም ዝተገንዘቡ ስለ ዝነበሩ፣ ህዝብና ካብ ከምዚ ዝበለ ሓደጋ ንምድሓን፣ ኣብ ዝምልከቶም መዳይ ቃልሲ እናጻዓቱ እንከለው እዮም ናብ ሓደጋ መጭወይቲ ናይዚ ስርዓ ት'ዚ ዝወደቑ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ መንጎ ስርዓት እሳያስን ሽዑ ዝነበረ ስልጣን ሱዳንን ምትሕብባር ስለ ዝነበረ፣ ናይ'ዚ ምትሕብባር'ዚ ግዳይ ብምዃን ሰንደበት መዓልቲ ኣጋግዘ ናይ 26 ሚያዝያ 1992 ተጨውዩ።

ስርዓት ኢሳያስ፣ ከም ኩሎም ዲክታቶርያዊ ስሮኣታት ኣብ ቅድሚ ናይ ርእይቶ ፍልልይ ዘለዎም ሸነኻት ብሰላማዊን ደሞክራስያዊን መንገዲ ክምክት ቅሩብነት ኮነ ብቕዓት የብሉን። ንኹሎም ተቓወምቲ ኣብ ርሑቕ ይሃልዉ ኣብ ቀረባ ብምቕንጻል ኮነ ብምእሳር ናይ ምንባር መሰሎም እውን ክኽልእ ዝዕጠቕ ሓይሊ እዩ። ተቓውምቲ ዋላውን ስር ባሕሪ ይሃልዉ ምህላዎም ጥራሕ ቅሳነት

ኣይህቦን'ዩ። ቅድሚኦም ንሓያሎ ሓርበኛታት ብስዉርን ብቕሉዕን ክቕንጽል እንከሎ፣ ብድሕሪኦም ድማ ብኣማኢታት ዝቑጸሩ ሓርበኛታት ኣባዲሙን ኣብ ትሕቲ መቑሕ ከም ዝነብሩ ገይሩን እዩ። ነቶም ናይ ቀረባ ብጾቱ'ውን ከይተረፈ ኣብ ሓደ እዋን ብርእይቶ ካብኡ ስለ ዝተፈልዩ ጥራሕ፣ ከም ገበነኛታት ቆጺሩ ኣብ ጐዳጉዲ ከም ዝበልዩን ገሊኦም እውን ህይወቶም ከም ዝሓልፍ ከም ዝሳቐዩን ዝገበረ ገበነኛ ስርዓት እዩ።

ንሕና ከም ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ. በዚ ናይ ብጾትና ተኸለብርሃንን ወልደማርያምን፣ ናይ ዝኸሪ መዓልቲ፣ ነዚ ስርዓት'ዚ ከየውደቕና፣ ንህዝብና መላእ ሓርነታቱ ከየጓንጸፍና፣ ሓንቲ ዝሰመረት ብብዙሕነት እትልለ፣ ብልጽግቲ፣ ሰላማዊት ደሞክርስያዊት ሃገር፣ ከይሃንጽና ክቶ ከም ዘይነዕርፍ ብስም ብጾትና ኣባላት መሪሕነትን፣ በቶም ኣብ መቑሕ ዝርከቡ ካልኦት ብጾትና ኣባላት ተ.ሓ.ኤን ብኩሎም ኢርትራውያን ናይ ፖሊቲካን ሕልናን እሱራትን ቃል ንኣቱ።

ናይ'ዚ ስርዓትዚ ዕለተ ዕርበት እናተቓረበ ይጐዓዝ ምህላው ድማ ነርጋግጽ።

እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ውድቀት ናይዚ ስርዓት'ዚ ብምዃኑ፣ ነዚ ዕለት'ዚ ምኽንያት ብምግባር፣ ንመላእ ህዝብና ቃልስታቱ ከሕንን ንጽውዕ፣
ንገቢረ ሰናይ ማሕበራትን፣ ዞባዊን ኣህጉራዊን ትካላትን ንመላእ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ድማ ኩሎም ናይ ፖሊቲካን ሕልናን እሱራት ነጻ ንምውጻእ ኩሉ ዓይነት ተጽዕኖ ከካይዱ ንጽውዕ።

ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ግድን እዩ!
ኤርትራ፣ ደቃ ዝሳቐዩላ ሃገር ኣይክትከውንን እያ!

ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ.